## ብኣጠቓላሊ

ኣብ ዓዲ-ጥልያን ኣብ ደቀ’ንስትዮ ናይ ጡብ ካንሰር እቲይ ብዙሕ ዝውቱር ዝኾነ ነቐርሳ ኢዩ፥ ካብ ሰለስተ ሓደገኛ ሕማማት ካንሰር ሓንቲ ናይ ጡብ ካንሰር ኢያ(AIOM,2020)።ብዘይ ምቁራጽ ካብ 50 ዓመት ንላዕሊ ዕድመ ዘለዋ ኣብ ከክልተ ዓመት እናደገመት ማሞግራፊ ምግባር ጽቡቕ ኢዩ።ኩለን ዝተዓደማ ደቀ’ንስትዮ ኣብ ከካልኣይ ምውዳቕ ዓመት ከምበሓዲሽ ይጽወዓ ኢየን። ክሳብ ሽዑ ከኣ ነፍሲ ወከፍ በብግዜኡ ባዕላ ንጡባ ትቆጻጸር’ሞ ገለ ጥርጣሬ እንድሕሪ መጺኡዋ ንሓኪማ ትወከሶ ወይ ከኣ ብ’ቲይ ነጻ ስልኪ ናብ’ቲይ ናይ መጸረዪ ፕሮግራም ትደውል።ዩ። ቅድሚ ሕጂ ካብ ASL ብፍጹም ዕድመ እንድሕሪ ዘይተገይሩልካ ኮይኑ ወይ ከኣ ኣብ’ዚይ ፕሮግራም ተሳታፊ እንድሕሪ ዘይኮንካ በ’ቲይ ናይ ASL ንጻ ቁጽሪ ስልኪ ብምድዋል ቆጸራ ምውሳድ ይከኣል’ዩ።

*ኩሎም ዝእከቡ ናይ ብሕቲ መረዳእታት ብናይ ሚስጥራውነትን ብናይ ሕለዋ መረዳታትን ሕጊታትን ኢዮም ዝመሓደሩ። ምስዘድሊ በ’ቲይ መርመራ ምኽንያት ካብ ስራሕ ምብኳር ዘመልክት ናይ ምስክር ወረቐት ክወሃብ’ዩ። ተወሳኺ ሓቤረታ ንምርካብ ወይ ናይ ቆጸራ መዓልቲ ንምቕያር በ’ቲይ ነጻ ስልኪ ናብ ናትኪ ASL ደውሊ።*

*AIOM 2020



| ASL | Screening | Numero Verde | Orari |
|---|---|---|---|
| Roma 1 | **Mammella** Cervice Colon Retto | 800 536 693 | da Lun a Ven 8:00-17:00 |
| Roma 2 | **Mammella** Cervice Colon Retto | 800 405 051 | da Lun a Ven 8:00-18:00 |
| Roma 3 | **Mammella** Cervice Colon Retto | 800 634 634 | da Lun a Ven 8:30-17:00 |
| Roma 4 | **Mammella** Cervice Colon Retto | 800 539 762 | da Lun a Ven 9:00-13:00 |
| Roma 5 | **Mammella** Cervice Colon Retto | 800 894 549 | da Lun a Ven 9:00-13:00 e 14:00-17:00 |
| Roma 6 | **Mammella** e Colon Retto | 800 430 264 | da Lun a Ven 15:00-19:00 |
| | Cervice | 800 160 622 | |
| Viterbo | **Mammella** Cervice Colon Retto | 800 840 359 | da Lun a Ven 9:00-13:00 |
| Rieti | **Mammella** Cervice Colon Retto | 800 646 999 | da Lun a Ven 9:00-13:00 |
| Latina | **Mammella** Cervice Colon Retto | 800 065 560 | da Lun a Ven 9:00-13:00 da Lun a Gio 15:00-17:00 |
| Frosinone | **Mammella** Cervice Colon Retto | 800 003 422 | da Lun a Ven 9:30-13:30 |

**Per prenotare gli esami di screening scansionare il QR code**
*prenotascreening.regione.lazio.it*


MEDECINS SANS FRONTIERES
MEDICI SENZA FRONTIERE

*Traduzione in Tigrino curata da Medici Senza Frontiere nell’ambito del protocollo d’intesa con la Asl Roma 2.*

**www.salutelazio.it**

# MAMMOGRAFIA

## ABITUATI A CURARE TE STESSA




መደብ መርመራ መንሸሮ ጡብ

ካብ 50 ክሳብ 74 ዓመት ዝዕድሚኦን ደቂ ኣንስትዮ ነጻ

SALUTE LAZIO
SISTEMA SANITARIO REGIONALE

REGIONE LAZIO

## ስለምንታይ’ዩ ካብ ኣከባቢኺ ዝርከብ ASL ዕድመ ይመጻኪ?

ካብ 50 ክሳብ 69 ዓመት ዘለወን ደቀ’ንስትዮ ናይ ጡብ ካንሰር ምህላው ኣብ ከክልተ ዓመት ናይ መደበኛ ማሞግራፊ ብነጻ ብምግባር ኣቕዲምካ ናይ ምፍላጥ ዘዴ ስለዘሎ ንምዝኽኻር ኢዩ። ዕላማኡ ናይ ክትፈልዮም ዘይከኣል ናእሽቱ ዕጢታት ህላዌ ኣጒሊሕካ ንምርኣይ ኮይኑስ ንጡብ ሙሉእ ብሙሉእ ንምሕላው ፥ እንዳሓንሳብ ከኣ ሂወት ንምድሓን’ዩ ።

ብተወሳኺ ካብ 45 ክሳብ 49 ዓመት ዘለወን ደቀ’ንስትዮ ብነጻ ኣብ ከክልተ ዓመት ማሞግራፊኪገብራ ይኽእላ ኢየን፡ ናይ ዕድመ መልእኽቲ ኣይኪመጸን’ዩ ነገር ግን ንሓኪመን ብምሕታት ዝግባእ ብነጻ ዝሕክመን ወረቐት ብምሓዝ ክጥቀማ ይኽእላ ኢየን። ካብ 70 ክሳብ 74 ዘለወን ደቀ’ንስትዮ ግን ብነጻ ስልኪ ናይ ኣከባቢኤን ASL ብምድዋል ኣብ’ቲይ ናይ ማሞግራፊ ናይ ምጽራይ ፕሮግራም ብነጻ ክቅጽላን ማሞግራፊ ከካይዳን ክሓታ ይኽእላ ኢየን።

እቲይ ናይ ምጽራይ ፕሮግራም ካብ ማሞግራፊ ክሳብ ዕሙቕ ዝበሉ መርመራታትን ኣድለይቲ ኮይኖም ዝርከቡ ዝኾኑ ሕክምናታትን ብነጻ ይህብ።

ቅድሚ ሕጂ ፈጺምካ ካብ ASL ዕድመ እንድሕሪ ዘይተጌሩልካ ኮይኑ ወይ ከኣ ኣብ’ቲይ ፕሮግራም ዘይተሳተፍካ ኮይንካ ብ’ቲይ ነጻ ስልኪ ናይ ኣከባቢኻ ASL ብምድዋል ቆጸሮ ክትወስድ ትኽእል ኢኻ።

## እንታይ ኢዩ ማሞግራፊ?

ማሞግራፊ ናይ ጡብ ኤክስረይ ኢዩ፥ንሱ ኣዚዩ ፍሉይ፡ ስምዒታዊን በዓል ጽቡቕ ውጽኢትን ዝኾነ ናይ ጡብ ካንሰር ቅድመ- መርመራ ኢዩ።

## የሕምም ዲዩ?

የለን፥ ብሰንኪ እቲይ ኣድላዪ ስለዝኾነ ኣብ ጡብ ዝግበር ጸቕጢ ንገሊኤን ደቀ’ንስትዮንቁሩብ ደቓይቕ ክጽልኤን ዝከኣል’ዩ።

## ሓደገኛ መርመራ ድዩ?

የለን፥ ኣዚዩ ትሑት መጠን ዘለዎ ኤክስረይ ብምጥቃም ዲጂታል ማሞግራፊታት ንመርመራ ጥቕሚ ይውዕሉ ኣለዩ።

## ማሞግራፊ ምስተገብረኸ?

መደበኛ ውጽኢት ምስዝርከብ እቲይ ናይ መጻረይ ማዕከል ናይ ኣሉታዊ ውጽኢት ንኽፍልጥ ብቐጥታ መልእኽቲ ይሰድድድ፥ ቀጺሉ ከኣ ድሕሪ ክልተ ዓመት ነቲይ ማሞግራፊ ንኽደገም ዕድመ ይልእኽ። ትኽክለኛ ንምርካብ ካልእ መርመራ (ንኣብነት ኣልትራሳውንድ) ምግባር ኣድላዪ ኮይኑ ምስዝርከብ ግን እታ ASL ብዝቐልጠፈ ንቆጸራ እዋን ንምስማማዕ ብስልኪ ነታ ጓለ’ንስተይቲ ትረኽባ።

ኣብ’ዚይ መርመራ ኣዎንታዊነት ምስዝርከብ ኣቲይ ናይ መጻረዪ ማዕከል ነታ ሰብ ብስልኪ ገይሩ ዑምቀት ዘለዎ ኣትራሳውንድ መርመራ ብነጻ ንኽትገብር ይዕድማ ። ምናልባት’ውን ኣድለይቲ እንተ ኾይኖም እዚይ ናይ ኣከባቢ ASLባዕሉ ቆጸራን ተወሰኽቲ መርመራታትን ትኻታተልቲ ሕክምናታት ኩሉሳዕ ብነጻ ከካይድ ኢዩ።

## ክኣምን እኽእል ድየ?

በ’ቲይ ናይ ኣውሮጳውያን ምኽሪታት መሰረት በብዓመት ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ናይ ማሞግራፊ መርመራታት ተፈላልዮም ዘንቡቡን ዝግምግሙን ክልተ ኤክስፐርት ራዲኦሎጂስትታት ኣለዉ።

ኣብ ናይ መጻረዪ ፕሮግራም ዝሰርሑ ናይ ራዲዮሎጂ ሰብ-ሞያ ኣብ ተኸታታሊ ናይ ትምህርቲ ፕሮግራማት ክሳተፉ ኣለዎም ፥ ካብ’ቲይ ዘካየድዎ ተግባራት 50% ብን ናይ ጡብ ተግባራት ኣብ ርእሺ ምውዓል እንተወሓደ 5.000 ማሞግራፊታት ከንብቡ ኣለዎም ።

ኩሎም ኣገባብራታት ንብሄራውያንን ንኣውሮጳውያንን መምርሒታት ዝኽተሉ ኮይኖም ናይ ዓይነት ጽፈት ቁጽጽር’ውን ይግበረሎም’ዩ።

